www.xtrapapers.com



Diploma Programme
Programme du diplôme
Programa del Diploma

# Tigrinya A: literature – Standard level – Paper 2
# Tigrigna A : littérature – Niveau moyen – Épreuve 2
# Tigriña A: literatura – Nivel medio – Prueba 2

Monday 11 May 2015 (morning)
Lundi 11 mai 2015 (matin)
Lunes 11 de mayo de 2015 (mañana)

1 hour 30 minutes / 1 heure 30 minutes / 1 hora 30 minutos

---

**Instructions to candidates**

- Do not open this examination paper until instructed to do so.
- Answer one essay question only. You must base your answer on at least two of the Part 3 works you have studied and compare and contrast these works in response to the question. Answers which are not based on a discussion of at least two Part 3 works will not score high marks.
- You are not permitted to bring copies of the works you have studied into the examination room.
- The maximum mark for this examination paper is **[25 marks]**.

**Instructions destinées aux candidats**

- N’ouvrez pas cette épreuve avant d’y être autorisé(e).
- Traitez un seul sujet de composition. En basant votre réponse sur au moins deux des œuvres de la troisième partie que vous avez étudiées, vous devez comparer et opposer ces œuvres dans le cadre du sujet. Les réponses qui ne sont pas basées sur au moins deux des œuvres de la troisième partie n’obtiendront pas une note élevée.
- Vous n’êtes pas autorisé(e) à apporter des exemplaires des œuvres que vous avez étudiées dans la salle d’examen.
- Le nombre maximum de points pour cette épreuve d’examen est de **[25 points]**.

**Instrucciones para los alumnos**

- No abra esta prueba hasta que se lo autoricen.
- Conteste una sola pregunta de redacción. Base su respuesta en al menos dos de las obras estudiadas de la Parte 3, comparándolas y contrastándolas en relación con la pregunta. Las respuestas que no se basen en al menos dos obras de la Parte 3 no recibirán una puntuación alta.
- No está permitido traer copias de las obras estudiadas a la sala de examen.
- La puntuación máxima para esta prueba de examen es **[25 puntos]**.



2215–0668
© International Baccalaureate Organization 2015

www.xtrapapers.com



ካብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት **ነቲ ሓደ** መሪፅካ መልሲ ሃብ። መልስኻ ካብቶም ዘፅናዕኻዮም ክፍሊ 3ተ ስራሕትታት **እንተዋሓደ** ኣብቶም **ክልተ** መሰረት ዝገበረን፤ ነዞም ዝመረፅካዮም ስራሕትታት **ዘነፃፅርን ዘወዳድርን** ክኸውን ኣለዎ። ኣስተብህል፥ ነዚ መምርሒ ብዕሊ ዘተግበረ መልሲ ዝላዓለ ነጥቢ ይህልዎ/ ይረክብ።

**ድራማ**

1. ፀሓፍቲ ድራማ/ተዋሰኦ (*playwrights*) ካልኣዋይ ገፀባህርይ ንምምዕባል ቀንዲ ወይድማ ክፋል ቀንዲ ውዲት/ጎንፂ ሓደ ድራማ ብኸመይ ኣገባብ ከምዝጥቀምሉ ዘትይ። ኣብ ምላሽካ፥ ካብቶም ዘፅናዕኻዮም ስራሕትታት እንተዋሓደ ነቶም ክልተ ተወከስ።

2. ፀሓፍቲ ድራማ ብኸመይ ኣገባብ ባእታታት መዓበይ (*setting*) ንመመዕበልን መርኣዩን ድባብ ሓደ ትእይንቲ/ምርኢት ከምዝጥቀምሉ፥ ካብቶም ዘፅናዕኻዮም ስራሕትታት እንተዋሓደ ነቶም ክልተ ብምውካስ ግለፅ።

3. ፀሓፍቲ ድራማ ካብዝጥቀምሎም ገለ መይላታት መዛዘሚ/መኸንበቲ ድራማ፥ ካብቶም ዘፅናዕኻዮም ስራሕትታት እንተዋሓደ ነቶም ክልተ ብምውሳድ ዘትይ።

**ግጥሚ**

4. ገጠምቲ ብኸመይ ኣገባብ ውሕሉል ኣጠቓቕማ ቛንቋ ከምዝፈጥሩን ንምንታይ ግልጋሎት ከምዝጥቀምሉን፥ ካብቶም ዘፅናዕኻዮም ግጥምታት እንተዋሓደ ነቶም ክልተ ብምውሳድ፤ ዘትይ።

5. ኣብ ግጥሚ፥ ኣየነቶም ስሩዓት ባእታታት ንመግለፂ ስሚዒትን ቀልብኻ ንምስሓብን ከምዘግልግሉ፥ ካብቶም ዘፅናዕኻዮም ስራሕትታት ገጠምቲ፤ እንተዋሓደ ነቶም ክልተ ብምውሳድ ኣርኢ።

6. ካብቶም ዘፅናዕኻዮም እንተዋሓደ ስራሕትታት ክልተ ገጠምቲ፤ ሓደ ገጣሚ እንታይ መይላታት ስነፅሑፍ ተጠቒሙ ንሓደ ተራ ስፍራ ናብ ኣዝዩ ትርጉም ዘለዎ ከምዘሰጋግሮ፥ መርምር።

**ስዲንባባዊ ልብወለድ (*prose fiction*)**

7. ሓደ ፀሓፊ ሓደ እዋን ከምዝበሎ፥ ምምዕባል ሃንቀውታ ድልየት መንበብቲ ኣብቲ ታሪኽ ንኸሓድር ዝገብር ፍቱን መይላ እዩ። ካብቶም ዘፅናዕኻዮም ስራሕትታት ሌጣዊ ልቦለድ እንተዋሓደ ኣብቶም ክልተ መሰረት ጌርካ መይላ ኣተሃናንፃ ሃንቀውታ ኣብቶም ዘፅናዕኻዮም ፀሓፍቲ እንታይ ከምዝመስል ዘትይ።

8. ከባቢያዊ ስፍራታት ንምምዕባል ውዲት/ጎንፂ ዝህልዎም ረብሓ እንታይ ከምዝመስል ካብቶም ዘፅናዕኻዮም ስራሕትታት ሌጣዊ ልቦለድ እንተዋሓደ ነቶም ክልተ ብምውሳድ ዘትይ።

9. ረብሓ ስነፅሑፋዊ መይላታት ኣብ ሌጣዊ ልቦለድ ሕልኽላኻዊ ውሽጣዊ ዓለም ናይ ሓደ ገፀባህርይ ንምርኣይ ከምዝሕግዝ ርእይቶኻ ሃብ። ኣብ መልስኻ፥ ካብቶም ዘፅናዕኻዮም ሌጣዊ ልቦለዳት እንተዋሓደ ነቶም ክልተ ተወከስ።

www.xtrapapers.com



**ስዲንባባዊ ኢ.ልብወለድ (*prose non-fiction*)**

**10.** “ሓደ ሌጣዊ ኢ.ልቦለድ ፅልዋ ምእንታን ክህልዎ ወይድማ ክገብር መርተያ ከቕርብ ኣለዎ።” እዚ ሓሳብ ክንደየናይ ትሰማማዓሉ? ኣብ መልስኻ፥ ካብቶም ዘፅናዕኻዮም ስራሕትታት ሌጣዊ ኢ.ልቦለድ እንተዋሓደ ነቶም ክልተ ተወከስ።

**11.** ፀሓፍቲ ሌጣዊ ኢ.ልቦለድ ናይ ተደረስቶም ወይድማ መንበብቶም ኣቓልቦ ንምስሓብ እንታይ መይላታት ይጥቀሙ? ኣብ መልስኻ፥ ካብቶም ዘፅናዕኻዮም ስራሕትታት ሌጣዊ ኢ.ልቦለድ እንተዋሓደ ነቶም ክልተ ዘትይ።

**12.** “ዝኾነይኹን ስራሕ ሌጣዊ ኢ.ልቦለድ ብዘይጥርጥር ውፅኢ.ት ስነጥበብ እዩ።” ካብቶም ዘፅናዕኻዮም ሌጣዊ ኢ.ልቦለድ ስራሕትታት እንተዋሓደ ነቶም ክልተ መሰረት ጌርካ፥ ነቶም ዝኾነይኹን ሌጣዊ ኢ.ልቦለድ ስራሀ ስነጥበብ ምኻኑ ዝብይኑ ስሩዓትን ፋላዊን ባእታታት መርምር።